ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ኢሮብ ዝርከብ ዝውገድ ንብረት ኮይኑ ፣ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ኢሮብ ኣብ ወረድኡ ዝርከቡ ግልጋሎት እናሃቡ ዝፀንሑ ናይ ኤሌክትሮኒክስ ኣቁሑት፣ ኮምፒተራት፣ ፕሪንተራት፣ ፎቶ ኮፒ፣ መሸን ላፕቶፕ፣ ዩፒኤስ ከልኦት በራሚል፣ ተሸከርካርቲ ስፖንጅ ወንበር፣ ምሳር፣ ናይ መኪና ቦዲ ወዘተ ዝመሳሰሉ ንብረታት ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ክሸይጥ ይደሊ።

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ረቡዕ ታሕሳስ 17, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ታሕሳስ 25, 2011 8:00 ቅ/ሰዓት (ሓሊፉ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:1000.00
- ቦታ:ሮብ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:50.00
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ታሕሳስ 25, 2011 8:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ካልኦት ዝሸወጡ/ ዘገልገሉ ኣቅሑት መሸጣ/

ስለዚ ካብዚ ንታሕቲ ዝርዝር ንዝቀረቡ ረቋሕታት አተማለኡ ክትወዳደሩ እትደልዩ ከባቢ ሕ/ሰብ (ግለ ሰባት) ፣(ውልቀ ነጋዶ) ኣብ ቤት ፅ/ት ትልምን ፋይናንስን መፂእኩም ንክትወዳደሩ ብኽብሪ ይዕድም።

ተጫረቲ ከማልእዎም ዝግበኦም ረቋሕታት

1 ንብረት ዝርከበሉ ቦታ ኣብ ቤት ፅሕፈት ትልምን ፋይናንስን ወረዳ ኢሮብ ከተማ ዳውሃን ዝርከብ ኮይኑ እቲ ዓይነት ንብረት ካብዚ ንታሕቲ ብዝርዝር ዝቐቀረበ እንትኸውን ብኣካል እናመፁ ብምርኣይ ሰነድ ጨረታ ካብ ዕለት 15/04/2011 ዓ/ም ጀሚሩ - 25/04/2011 ዓ/ም ኣብ ዘሎ እዋን ክወስዱ ይኽእሉ።

2 እቲ ጨረታ ዕለት 25/04/2011ዓ/ም ሰዓት 8:00 ተዓፅዩ በዚ ዕለት 25/04/2011 ዓ/ም ሰዓት 8:30 ባዕሎም ወይ ሕጋዊ ወኪሎም ኣብ ዝተረኽብሉ ይኽፈት።

3 ካፈቲ ዝተጠቀሰ ዕለት ጀሚሩ ሰነድ ጨረታ ዘይምለስ 50.00 (ሓምሳ ብር) ብምኽፋል ብምውሳድ ንሕድሕድ ዓይነት ንበረት ዋጋ ብምምላእ ብዝተዓሸገ ፖስታ ከቅርቡ ዝኽእሉ፤

4 ተጫረቲ ድሕሪ ሳንዱቅ ጨረታ ምዕፃው ንዝመፅአ ጨረታ ሰነድ ተቐባልነት የብሉን።

5 ተጫረቲ ቅድሚ ጨረታ ምኽፋቱ ንጨረታ መኽበሪ ትሕጃ ብጥረ ገንዘብ ወይ ብባንኪ ዝተረጋገፀ ሲፒኦ ብር 1000.00 (ሓደ ሽሕ) ትሕጃ ከትሕዙ ዝክእሉ፤

6 ተጫረቲ ጨረታ ሰዓራይ ምኻኖም ካብ ዝተገለፀሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 3ተ መዓልቲ ገንዘቡ ጠቕሊሉ ብምኽፋል ንብረቱ ከልዕል ዝኽእል፤

7 እቲ ቤት ፅሕፈት ዝሓሸ መማረፂ እንተረኪቡ ነቲ ጨረታ ብሙሉእ ይኩን ብክፋል ናይ ምስራዝ መሰሉ ሕሉዉ እዩ

8 ጨረታ ሳፀን ዝርከበሉ ቦታ ቤ/ፅሕፈት ት/ፋ/ወ/ኢሮብ ከ/ስ/ፋይ/ዕ/ንበ/ምም/ርን ምኻኑ ንሕብር።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle